# <u>እንኳንዶ ሰብ እንስሳ እኳ ካብ ተሞኩሮ ዝመሃር።</u>

በጺሕናዮ ዘሎና ክፍለ ዘመን ካብቶም ዝሓለፉ ኣሽሓት ዓመታት ኣዝዩ ዝማዕበለ እዩ። ዋላኺ ኩሉ ኣህዛብ ዓለም ማዕረ ዝኾነ ምዕብልና ኣጥርዩ ክንብል እንተዘይተኻእለ፡ ግን ካብቶም ዝተሓልፉ ዓመታ እንተዋሓደ በብስድሪ ወይ እመት ገለ ምዕብልና ዘየርኣየ ሕብረተ ሰብ ኣሎ ክበሃል ኣይከእልን። ዘየርኣየ ኣሎ እንተተባህለ እውን ንሓቂ ዝጎሲ ኣበሃህላ ክኸውን ይኽእል። ኣብቲ ምዕብልናታት ግን ኣብ ሞንጎ ደቂሰባት ንነንሕድሕዶምን፡ ሃገራት ዓቢ ጋግ ከምዘሎ ዘማትእ ነገር ኣይኮነን። ብሃገራት እንተመጺእና እዛ ሎሚ ሕቡራት መንግስታት ኣሜርካ እትበሃል ወይ እዘን ሕጂ ዘለዋ ሃገራት ኤውሮፓ ቅድሚ ገለ ዓመታት ከምዚ ሎሚ ዘለዉኦ ከምዘይነበራ ኩሉ ዝፈልጦን፡ ከመይ ገረን ኣብዚ ሕጂ ዘለውኦ ደረጃ በጺሔን መጻሕፍቲ ታሪኽ ይነግሩና። ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ኤሻ፡ ወይ ላቲን ኣሜሪካ እንተተዓዚብና ከምቲ ቅድሚ ገለ ዓመታት ከምዘየለዋ ንዕዘብ። እቲ ዝድለ ፍጥነት ምዕባለ ኣመዝጊበንዶ ንዝብል ሕቶ መልሱ ካልእ ዩ። ስለምታይ ንዝብል ሕቶውን መልሱ ዝተፈለ እዩ።

ስለምታይ ገሊኤን ዝለዓለ ደረጃ ስልጣነ ክበጽሓ ከለዉ፡ ገሊኤን ከኣ ጭራ ተሪፈን? ዝብል ሕቶ ክለዓል ንቡር እዩ። እንተ ተሓተውን መልክዕ ኣልዎ። ንዝኾነ ሕቶ መልሲ ኣለዎ። ኩሉ ይሰምዖዶ ንዝብል ግን እወ እንተበልና ኣብ ፈጺሙ ጉጉይ መደምደምታ እዩ ከብጽሓና። ስለምንታይ ኣይሰምዖን ንዝብል ሕቶውን ነብሱ ዝኸኣለ መግለጽን መልስን ዘድልዮ ኮይኑ ሰማዒኸ ይረክብዶ ናብ ዝብል ሕቶ እዩ ክወስደና። ዝኾነ ወዲ ሰብ ኣብ ገዛእ ነብሱ ምምሕያሽ ከርኢ እንተድኣ ኮይኑ ንቕሓት ኣዝዩ ወሳኒ እዩ። ኩሉ ሰብ ማዕረ ንቕሓት ከይህልዎ ዝገትእዎ ዘይከሓዱ ነገራት ከምዘለዉ ርዱእ እዩ። ገለ ኣብነት ንምጥቃስ፡ ተፈጥራዊ፡ ባህርያዊ፡ ባዕላዊ፡ ባሕላዊ ጠንቅታት፡ ኩነታትት መነባብሮ ልዕል ኩሉ ከኣ ዘይተበግሶ። <u>( ኣትኹሮ- ንቕሓት ኣብ ቤት ትምህርቲ ከድካ እተጥርዮ ጸጋ ኣይኮነን። ግን ትምህርቲ ንንቕሓ ወዲ ሰብ ግደ የብሉን ማለተይ ኣይኮነን። ሰብ ንተፈጥራዊ ንቕሓቱ ትምህርቲ ወሲኹ ኣብ ኣዎንታዊ መዓላ ከውዕሎ ከሎ ጥራሕ እዩ ንቁሕ ዘብሎ።)</u>

ኣብ ገለ እዋን ንገለ ሰባት ብጣዕሚ ነድንቖም፡ እዚ/እዚኣ ሰብ ብጣዕሚ በሊሕ/በላህ እዩ/እያ እናበልና ንግረም ፤ እንታይ እሞ ክኸውን ንቕሓቱ/ንቕሓታ ኣይጥቀመሉን/ኣይትጥቀመሉን ንብል። ኣብ ኣባሃህላና ሓደ ህጓፍ ኣሎ። ንሱ ከኣ ክሳብ ክንደይ በልሕ ይኹን ኣብ ተግባር ክርኤ እንተዘይተኻኢሉ እቲ ብቕዓት ብዘይ ተግባር ሙሉ ንቕሓት ክኸውን ኣይክእልን። ብኻልእ ወገን ዝኾነ ዕድል ትምህርቲ ዘይጸአኸበ ሰብ፡ ካብቲ ዝተማህረ ንላዕሊ ተሓጉሱን ተመሓዲሩን ንዝኾነ ሽግራት ብተፎጥራዊ ብልሓቱ ክሰግሮም ይርከብ። ከም ኣበሃህላ ነዞም ከምዝኦም ዝኣመሰሉ ሰባት እዝስ ተማሂሩ ኔሩ እንተዝከውን ዝኽእሎ ኣይምተረኽበን ንብሎም። ብኻልእ ወገን ከኣ ኣዝዩ ዝተማህረ ሰብ ኣብ ልዕሊ ሕብረተቡ ትዕቢትን ንዕቀትን ምስ ዘርኢ፡ ትምህርቲ ንኾንቶ ኢሎም ይዛረብሉ። ሓደ ዘይከሓድ ነገር ግን ኣሎ ትምህርቲ ዝቐሰመ ሰብ ኣብ ማሕበራዊ ናብራ ይኹን ሃገራዊ ብልጺጋ ብቕዳምነት ዝስራዕ ምኺኑ ክፍለጥ ይግባእ።

ንሕና ኤርትራውያን ነዚ ክጠቕሶ ዝጸናሕኩ ኣብነታት ዝኸውን ማለት ብኣዎንታውን ኣሉታውያን ኣብነታት ከቕርብ ክፍትን እየ። 1. ባሕርያዊ ንቕሓትን ትብዓትን ተዓዲሉ ምእንቲ ሃገር ተወፍዩ መስዋእትነት ዝከፈለ ሓርበኛ ተጋዳላይ፡ ገረዝግሄ (ውጨ)። ታሪኹ ኩላና ስለንፈልጦ ኣብዚ ምዝርዛሩ ካብ ሕጽረት ብቕዓ ዝኣክል ታሪኹ ከየጎዳድለሉ፡ ኩልና ኣብ ማህደር ታሪኽ ሓርበኛታትና ንወከስ። ንጀነራል ውጨ ከም ጽቡቕ ኣብነት ከቕርቦ ከሎኹ፡ በቲ ኩሉ ኣብ ግዜ ገድሊ ዝዛረቦ ዝነበረ ቃላትን፡ ዝነበሮ ሃገራዊ ስሚዒትን ብጻያዊ ለዋህነትን ምርኹስ ብምግባር ድኣንበር ከምኡ ብዙሓት ህልዋትን ስዉኣትን ጅጋኑ ከምዘለዉና ኩልና ንፈልጦ ኣብ ርእሲ ምኳኑ ኣነውን ኣይዘንጋዕኩዎን። ጀነራል ገረዝግሄር ( ውጨ) ካብ ገዝኡ ናብ ገድሊ ክስለፍ ከሎ ብጀካ ሃገራዊ ፍቕሪ .

ካልእ ተማሊእዎ ዝወጸ ፍልጠት ከምዘይነብሮ ባዕሉ ታሓቲቱ ዝመለሶ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ጉዕዞ ቃልሲ ዘሃብቶም ንቕሓትን ብቕዓት ተደማሚሮም ጅግና ጀነራል ኣቢሎሞ። እዚ ከኣ ነቤተሰቡ ጥራሕ ዘይኮነ ንመላእ ህዝቢ

ኤርትራ ነባሪ ታሪኽ እዩ። 

 እዚ እንርእዮ ዘሎና ስእሊ ኣብ ግዜ ሓመድ ድብ ናደው ዝተላዕለ እዩ። እንቛዕ ካሜራ ነበረ ዘብል እዩ። እምበኣር ጀነራል ካብ ጉስነት ናብ ጀነራልነት ዝበጽሔ ሓደ ካብ ጀጋኑና ሰውራ ዘፍረዮ እዩ።

2. ==ካልእ ኣብነት ካብ ትኩርነት ናብ ትምህርቲ ቀጺሉ ናብ ቃልሲ ተጸንቢሩ ከሳብ ዕለተ መስዋእቱ ብሕታዊ ረብሓ ወጊድ ኢሉ መንፈሱን ፍልጠቱን ንሃገርን ህዝብን ዘወፈየ ተባዕ ተጋዳላይ ኣምባሳደር ግርማ ኣስመሮም።== ኣብ ብዙሕ ታሪኽ ከይኣተኹ፡ ተጋዳላይ ግርማ ኣስመሮም ክሳብ እታ ናይ መወዳእታ ደቒቕ ንሃገሩ እናሰርሐ ብመስዋእቲ ዝተፈለ ሓርብርኛ ። ኣብዚ እውን ደጊመ ክጠቕሶ ዝደሊ ከምዚ ናቱ ኩሉ መኒኖም ንህዝብን ሃገር

ዝተወፈዩ ስዉእትን ህልዋትን ከምዘለዉና ኣይዘንጋዕኩን።  ሓርበኛ ኣይነብርን፣ ታሪኹ ግን ነባሪ እዩ። ኣባሳደር ግርማ ኣስመሮም ድሕሪ ሃገርና ነጻነታ ምጉንጻፍ ንወጻኢ ተመዲቢ ኣብተፋላለየ ሃገራትን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ክሰርሕ ጸኒሑ። ብኸባቢኡ ዝነበረ ነገራት ኣይተጸልወን። ንዝተምበርከኹ ኣብ ቅድሚ ዓለም እናኣቃልዔ ንኤርትራ ምስ ኩሎም መሳርሕቱ ኮይኑ ሓቅነታን ተወፋይነታን ዘመስከረ ሓርበኛዩ። ሃገራት ኣባል ውድብ ሕቡራት ብወከልተን ፡ ቅንዕናኡን፡ ኣበርክቱኡን መስኪረን። ኤርትራ ካብ ዘፍረዮቶም ጅግና። ሽጥ መዓንጣ።

ሰማእታትና እዞም ጀጋኑ፡
ጸላኢ ብዝመጸ ይምጻእ ርእሱ ዘድንኑ፡
ፍሽኽታን ታሕጓስን ዝውንኑ፡
ኣብ ራህዋ ይኹን ሽግር ዝሓኑ።

ገለ ይህብ ንእስነቱ እንተላይ ጉልበቱ፡
ከይበቐቐ ገንዘቡ ፍልጠቱ እንተላይ ሃብቱ፡
ሂበ ኢሉ ምጅሃር ዘየፍቅድ ባህርያቱ፡
ብሳልኡን ኮምኡንዩ ሃገር ተዓዊቱ።

ግዚኡ ኣኺሉ ጸሓይና ኣዚያ ትደምቀሉ፡
ፍረ ጸማና ኣስተርሒና ንሓፍሰሉ፡
ዝሓለፈ ታሪኽና ሃዲእና ነዘንትወሉ፡
ሳላቶም ሰማእታት ዘይከኣል ተኻኢሉ።

ቃላቶም ጽኑዕ ዘይብል ሰንከልከል፡
ኣብ ውሽጢ ተተኽለ ከም ዓንዲ ማእከል፡
ብጠቕሚ ረብሓ ፈጺሙ ዘይብከል፡
ሃገረይ ወሊድኪ ሰብ ጽኑዕ መትከል።

ኩሉ ገዲፉ ሃገርይ ዝበለት፡
ዕድሚኣ ሙሉእ ኮይና መበለት፡
ንሃገር ተፈፊ ንዓይ ከይበለት፡
ብውሉዳዶ ምተደፍረት ሃገር ከምዘየጽለለት።

ንዓና ንኤርትራውያን እቲ ንነዊሕ ግዜ ዘጋጠመና ተጻብኦታት ዋላኳ መሪር እንተነበረ፡ ምእንቲ መንነትናን መሰልናን ኣጸቢቕና ክንቃለስ ዓቢ ኣበርክቶ ገሩልና እዩ። ንሕብረተ ሰብና ብዘይ ዝኾነ ኣፈላላይ ከም ማይን ጸባን ጸናቢሩዎ እዩ። ታሪኽ ዝሓለፉ ጀጋኑ ኣቦታትና ንኸይጣለሙ ጸጸር ዝወሓጡ፡ ሃይማኖት ናይ ግሊ ሃገር ግን ናይኩሉ ዝብል ኣዘራርባ ኣሎ። ሓቂ ከኣ እዩ። ኣብ ኤርትራ ግን ክንዮኡ እዩ። ኩሉ ናይ ኩሉ እዩ። ነዚ ዝኾነና

ዓቢ ታሪኽ ኣሎ። ኣስላማይን ክስታናይን ጸላኢ ብሃይማኖት ኣትዩ ሓድነቶም መታን ከይበታትን ብስሚላህን በስመኣብ ተባሂሉ ዝተሓርደ ስጋ ሓዋዊሶም ዝበልዑ ታሪኽ ኩርዓት እዩ ዘሎና። ሰውራ ኤርትራ ከዕወት ዝኸኣለ ቡዙሕ ጅግንነታዊ ረቛሒታት ስለ ዝነበሮን ዝተወከሶን እዩ። ተቓለስቲ ኣቦታትና ኣብ ጉዕዞ ቃልሶም ከንደይ ተጻብኦታት ብደቂ ሃገር ኣጋጢሙዎም እዩ። እዚ ሎሚ ስኒ ምንካስ እንብሎ ካብ ባዶ ዝፈጠርናዮ ኣበሃህላ ዝመጸ ኣይኮነን። ስኒ ነኺሶም ተቓሊሶም ንዓና ስኒ ነኺስና ክንቃለስ ዘውረሱና ጀጋኑ ኣቦታት ስለ ዝነበሩና እዩ።

እዚ ዘሎ ወሎዶ ንታርክ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ፍርቁ ከጅምሮ የብሉን። ሓንቲ ገረብ ካብ ፍርቂ እንተድኣ ቆርጽካያ እቲ ላዕለዋይ ክፋላ ገረብ ኣይኮነን። ነቂጹ ክተርፍ ኣዩ። እቲ ጉንዳ ግን ማይ እናስተኻ ከም ዝጭብጭብ ትገብሮ። እዞም ንመንእሰያትና ቁራጽ ታሪኽ ዝምህሩ ዘለዉ ሽዩጣት ከነስተብህለሎምን ክንምክቶም ኣሎና። እዚ ኑኡስ ዎሎዶ ታሪኽ ካብ ሱሩ ድኣንበር ካብ ጨንፈሩ ክመሃር ከፍቕድ የብሉን። ታሪኽና ታሪክ ውልቀሰብ ኣይኮነን፡ ታሪኽ ኣውራጃዊ ኣይኮነን፡ ታሪኽና ሃይማኖታዊ ኣይኮነን። ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ እዩ። ኩፉእ ይኹን ጽቡቕ ንሓፍረሉ ታሪኽ የብልናን። ኩሉ ታሪኽና ስለ ዝኮነ። ካብኡ ተማሂርና መጻኢ ጉዕዞናን ጉዕዞ ዝመጹ ዎሎዶታትን ኮይኑ ክነብር እዩ።

ዕድል ኣይንሃቦም እዞም ዝጠፈሹ፡
ከም ድንሽ ሓጋይ ዝመሽመሹ፡
ሓደ ካብ ሓደ ፈጺሞም ዘይሕሹ፡
ግደፎም ትግራዮም ገጾም ይግሹ፡

መንፈሶም ሪሒቑ ካብ መንፈስና፡
ሰቦም ገዲፎ ካብ መረጹ ዓና፡
ገዝኦም ከፍሩሱ ዝብሉ ሓጉዙና፡
ኤርትራ ሽለት ወሊድኪ ኣብ ሞንጎ ጅግና።

ልቢ እንተ ዝህሉዎም ከም ፍጡር ሰብ፡
መምዮም ዘይፈልጡ ክሳራ መኽሰብ፡
ምሓሾ ምምኻር ምስ ኣስተውዓሊ ሰብ፡
ደድሕሪ ጃንዳ ኣይምበኡን ዘብዘብ።

ኣይረድ እንታይ ክንገብር ካብ ወረደና፡
ኣይናትኩም ዝበለ ኣላ እታ ኩርማጅና፡
ምረታ ይፍለጡዋ ካብ ወያነ ደመኛ፡
ድሓር ድኣ ከይከውን ተመሊስካ ልመና።

ወፍሪ ሓሲቦሞ ሎኽሎኽ ከም ከልቢ፡
ተጎጃጂሎም በቢ ከባቢ፡
ንሽይላ ኪትሩዝ ዝኣምኑ ልዕሊ ረቢ፡
ኣደታትና ከይጉህያ ልቢ ነዕቢ።

ለዋህዩ ውሽጥና እቕረ በሃሊ፡
ናትኹም ግን ከፊኡ ኣወዲኡ ዓቕሊ፡
ፍንጭራዕ ትብሉ ሉዓም ዘይብላ በቕሊ፡
መቕረት ነይብልኩም ከም ስዋ ዝሰኣነ ቡቕሊ።

ህዝቢ ኤርትራ ብተፈጥሩኡ ለሚኑ ኣይፈልጥን። ብስራሕ ዝኣምን፡ ሰሪሑ ዘድምዕ ህዝቢ እዩ። ኣብ ባህሊ ስራሕ ድኣንበር ኣብ ባህሊ ልማኖ ዘይ ኣሚን ህዝቢ እዩ። ኣብዚ ዝሎናዮ ዘመን ኤርትራ ዝወለዶቶም እዮም ኢልካ ክትኣምነሎም ዘይክኣል ለመንቲ ካብ ሃገር ወጺኦም ንለማናይ ዝልሙኑ ኣለዉ። ምልማን ምልማኑ እኽሊ ወይ ልብሲ እንተዝኸውንስ ዶኾን ምበልካ። ከምቲ ኩሉ ግዜ ዝበሃል ኣብ ሞንጎ ስርናይ ክርዳድ ዘይሰኣን፡ ኣባና እውን ኣይተሳእኑን። ናይዚኦም ግን ሕልፍ ዝበለ ኣብ ዓለም ተራእዩ ዘይፈልጥ ምልማን ኣዩ። ንመንግስቲ ኤርትራ ገምጢልኩም ስልጣን ኣረኩቡና እሞ ዝድተለኹሞ ክንገብረኩም ኢና ዝብል ልመና እዩ። ዘስደምም እዩ። እቲ ኒሕ ካብ ኣቦታትናን ኣቦሓጎታትናን ዝተወርሰ ኣበይ ከደ። እቲ ስኒ ምንካስ መዓስ ኣብ መልሓስ ሙቑርጣም ተቐየረ። ካብቶ ብድሕሪ መጋረጃ ኮይኖም ንደቂ ገርሂ ሊባ እስተርሶ ሒዞም ዝዝዉሩ ገለ ካብኦም እዚኦም እዮም።



ነዚኣ ስእሊ.ዞም ሸየጥቲ ሃገር ኣብዚ ስእሊ ጀካኑና ዘለዋ ጽሕፍቲ ከሰፍራ ከሎኹ ሕማቕ እናተሰማዓኒ እዩ። መግለጺ ናይ ሕማቕ ዝተሰማዓኒ እንተኾነ ኢሊ ቁልቁል ኣፋ ደፊኤያ ኣሎኹ። ብኻልእ ወገንውን ቅኑዕ ሓሳብ ስለ ዘይብሎም፡ ንምሕባር እዩ።

*ኣነ ብሂወተይ ከሎኹ ኣምላኽ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሕቢረን የርእየኒ (በረኸት)። ዓጽምን ደምን ሰማእታትና ከም ቆጽሊ ዝረገፈ፡ ከም ማይ ዝፈሰሰ ቕጺሩዎ።

*እሰያስ ንበዓል ዱሩዕ ከኣስሮም ምኽኒኑ እጥርጥር ስለ ዝነበርኩ ናዓ ህደም ኢሎዮ ኔረ። ንሱ ግን እዚ ጆራቕ እንታይ ከይገብር መዓንጣ የብሉን ኢሉኒ ( ዓንደማርያም)። እዚ'ዩ ፖሎቲክኦም። ካልእውን ኣሎ ንግዜ ንግደፎ።

እዚኦም ብስምቶም ጅግንነትን ቅያን ዝሰርሑ ጀጋኑ ስም እናሸቀጡ መነባቡሩኦም ዝገብሩ ንሃገር ጥራሕ ዘይኮነ፡ ነቶም ብጾትና ምእንትኦም ንቃለስ ኣሎና ዝብሉዎም ጀጋኑ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘእተዉን ዘእትዉ ዘለዉን እዮም። ኣሕዋትና ሂወቶም ዝኸፈሉላ ሃገር ንእሰያስ ጸሊእና፡ እሰያስ ኣህዲሙና፡ ወዘተ...እንበላካ ትማሊ ዝተወልደ ህጻን ዝፈልጦ ሸቕጥ ምሽቃጥ ካብ ዕዳጋ ዝተሓብኤ ኣይኮነን። ዝሩጋት መዓንጣ ድኣ ኮይኖም እምበር እሰያስ ኣብ ሃገር ምህናጽ ምስቶም ገበርቲ ቅያ ህዝብን ብጾቱን ደቂ መንእሰያት ኤርትራን ተጸሚዱ ይውዕልን ይሓድርን ኣሎ። ትፍኦም ዘለምጹ ትማሊ ትማሊ ንኣሜሪካን ካልኦት ምዕራባውያን ሃገራትን ፋሽስቲ እምፐሪያልስት ደም ሰብ መጸይቲ ከብሉ ኔሮምስ ሕጂ ኣብትሽትሾም ተሸጕጦም ኣብ ኢትዮጵያባ ኣብ ኣሜሪኻ ደሞክራሲ ኣሎ ወዘተ ይበሃል። ዝቶኮበሎም እንተረኺቦም ደሞክራስያዊ ማለት"ዩ።

እቲ ኻልእ ዘገርም ናይዚ ቐሺዚ ናይ ጥፍኣት ምስክርነት እዩ። ትሕዝቶኣ ንበይና ኣብ ደሃይ ወጺኣ ኣላ። ሕጂ ኣብዚ ከተሓሕዛ ዝገበረኒ ግን ቀዳሞት መንፈሳውያ መራሕቲ ሃይማኖታትና ኣብ ምጥርናፍን ምጽላይ ስለ ህዝብን ሃገርናን ኣብ ግዜ ገድሊ ይኹን ሕጂ ዓቢ ኣበርኽቶ ከም ዝነበሮምን ሕጂ ከምዘሎዎ ንምሕባርን፡ ብኣንጻሩ ድማ መንፈሳዊ ሕጊ ዝጥሕሱ ከምዘለዉ ንምሕባር እዩ።

ኣብ ምስላታት ትግርኛ <u>"ቀሺ ዝበለካ ግበር ቀሺ ዝገበሮ ኣይትግበር"</u> ዝብል ምሳሌ ኣሎ። እዚ ቢሂል'ዚ ብዘይ ምኽንያት ዝተባህለ ኣይመስለንን። ኣብዚ ዘለናዮ መዋእል ግን ቀሺ ዝበለካ ዘይትገብረሉ ደረጃ'ውን በጺሕና ኣሎና። ምኽንያቱ ኣብ ሞንጎ እቶም ብዙሓት ንጹሃት መራሕቲ ሃይማኖት ምእንቲ ራህዋን ፍቕርን ህዝቦምን ሰላም ሃገሮምን መንፈሳዊ ጉቡኦም ዝፍጽሙ ሓደ ክልተ መስቀል ዝኣሰሩ ሰይጣውንቲ ስለ ዝርከቡ።

ፖሎቲካን ሃይማኖት ብዝኾነ መልክዕ ዘራኽብ የብሉን። ሎሚ ንዕዘቦ ከም ዘሎና ግን መኣዝኖም ዝሰሓቱ ኣቕሸሽቲ መንፈሳዊ ተልእኮ ገዲፎም ኣብ ፖሎቲካዊ ግዕዘይ ተዋፊሮም ናይ ብሕታዊ ጥቕሞም ንምርዋይ ብሓሶት ህዝቢ ከታልሉ ስለ ዝርከቡ እዩ። በዚ ምኽንያት ከኣየ ሎሚ እንኳንዶ ቀሺ ዝገበሮ ዝበለካውን ክትገብሮ ኣብ ዘይክኣለሉ ደረጃ በጺሕና ኣሎና ዘበለኒ።

ሓደ ዓቢ ኣብነት ዝኾነና ኣብቲ ብወርሒ መስከረም ዕለት 14, ክልተ ሽሕን ዓሰርተ ሹድሽተ (9/14/2016) ብሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ወጻኢ ጉዳያት ንኡስ ኮሚተ ኣብ ትሕቲ (Subcommittee Hearing: Eritrea a Neglected Regional Threat) ኢሉ ዝሰመዮ ኣጀንዳ ምስክርነቱ ክህብ ቀሪቡ ዝነበረ ቀሺ ሃብቱ ገብረኣብ ዝተባህለ መንፈሳዊ ሓላፍነቱ ሲሒቱ ሰይጣናዊ ተልእኮ ከተሓላልፍ ምፍታኑ እዩ። እዚ ቀሺ'ዚ ካብቲ ባዕሉ ዝገለጾ ኣብ ኢትዮጵያ ተወሊዱ ዝዓበ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንመሰሉ ሂወቱ ክኸፍል ከሎ ዝነበሮ እጃም ዘይገለጸ፣ እንተ ኾነ ግን ነጻነት ከስተማቕር ንኤርትራ ሓደ ግዜ ከምዝኸደ ይዛረብ። ነቲ ብልሒ መላጸ ሰጊሩ ዓወት ህዝብና ዘበሰረ መሪሕነት መንግስቲ ኤርትራ ክውንጅልን ክኽስስ ምስምዑ፡ ብመጀመሪያ ንቕሽነቱ'ዩ ኣራኺሱ። ብኻልኣይ ደረጃ ባህልን ታሪኽን ጅግንነት ኤርትራዊያን ዘይፈልጥ ኣብ ክንዲ ንሰላም ፍቕርን ዝጽሊ፡ ኣብ ሞንጎ ህዝብን መንግስትን ጋግ ክፈጥር ዝተዓሰበ ካብ መንፈሳዊ ተልእኮ ዝወጸ ምስክርነት ምሃቡ'ዩ። ብዋጋ መስዋእትነት ዝተረኽበ ሰላም ዝዘርግ ይመክት።


ቀሺ ሃብቱ ገብረኣብ።

ንትሕዝቶ ምስክርነቱ ንምርካብ ኣብ (Subcommittee Hearing: Eritrea a Neglected Regional Threat) ብምፍታሽ ክትሰምዕዎ እምሕጸን። እዚ ንህዝቢ ኤርትራ ክፈላሊ ዝተበገሰ ሽርሒ ዕሱብነት ኣንፈቱ ናበይ ዘበለ ምኺኑ ኩልና ንስሕቶ ኮይኑ ኣይስማዓንን።

ሓደ ኩሉ ሰብ ክርድኦ ዘለዎ ፡ ሓቂ ብዝኾነ ይኹን ናይ ሃሶት ምስክርነት ከምዘይትቕበር ክንፈልጥ ይግባኣና። ሓቂ ኩሉ ግዜ ሰዓሪት እያ።

**ክልተ ሓውላል ኣዒንቱ፡**
**ሓደ የማን ሓደ ጸጋም ጠሚቱ፡**
**ቅኑዕ ከየንበበ መኣዝኑ ሲሒቱ፡**
**ኪድ ዊዒሉ ኣብ ሁጉም ንምሽቱ።**

**ዘገርም! ዓይኒ ዘለዎ ካብ ተዓመተ፡**
**ድኻ ክብደል ሩኹብ ካብ ሃውተተ፡**
**ጀጋኑ ከፍጠሩ ግዜ ሓተተ።**

**ግዜ ተቐይሩ ኩሉ ማኣዝኑ፡**
**እምነት ጠፊኡ ፈጺሙ ማህሚኑ፡**
**ሓሳዋ ሓቀኛ ተባሂሉ ተኣሚኑ**

**ግዜ ጎሊያድን ዳዊትን ዶታ ተመሊሱ**
**ሓይሊ ዘይኮነ እምነት ነጊሱ።**
**ንእሽቶይ ሲዒሩ ዓቢ ተሎኽሲሱ።**

**ሰብ ክብደል ኣስቂጡ ፈራዳይ፡**
**ርሂጸ ክበልፅ ዝበለ ኮይኑ ግዳይ፡**
**ኣይጥዑምን ኣብ ፍትሒ ምፍልላይ።**

**ምንኣስ ኣይኮነን ወሳኒ፡**
**የብልናን ካብ ምምካት ርእሱ ኣድናኒ፡**
**መትከል እዩ ንኩሉ መዛኒ።**

ስዉኣት ንዘልኣለም ይዘከሩ፡
ዕወት ንሓፋሽ።
ገብረንጉስ መስመር።
ሕዳር 1, 2016.